# ሕድገት ውሸባ ለብዒ ካብ 6 ናብ 12 ኣዋርሕ ይናዋሕ

ኣብ ኖርወይ ኮቪድ-19 ዘሕለፉ ሰባት ሕጂ ካብ ውሸባ ለብዒ ዝግበረሎም ሕድገት 12 ኣዋርሕ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ውሽጠ ሃገር ንጥቀመሉ ወረቐት ምስክር ኮሮና ነሕድሶ ስለዘለና ሓደ ሰብ ኮቪድ-19 ምስ ኣሕለፈ ን12 ኣዋርሕ ቀጠልያ ክኾውን እዩ።

ክሳብ ሕጂ ብኣገልግሎት ጥዕና ኖርወይ ክረጋገጽ ክሳብ ዝተኻእለ ንኮቪድ-19 ዘሕለፉ ሰባት ሕድገት ውሸባ ለብዒ ንውሓቱ ሽዱሽተ ኣዋርሕ እዩ ኔሩ። ሕጂ መንግስቲ ንሕድገት ንውሓት ግዜ 12 ኣዋርሕ ንክኾውን ኣናዊሑዎ ኣሎ። እዚ ለውጢ እዚ ካብ ንዕለት 28 ነሓሰ 2021 ዘውግሕ ለይቲ ኣትሒዙ እዩ ክምልከት።

–ኮቪድ-19 ዘሕለፉ ሰባት ብውሑዱ ን12 ኣዋርሕ ዝኣክል ጽቡቕ ጌሩ ከምዝከላኸለሎም ብቑዕ ኣፍልጦ ደሊብና ኣለና። ስለዚ ድማ ነዚ ጉጅለ እዚ ሕድገት ውሸባ ለብዒ ኣናዊሕናሎም ኣለና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ። ኣብ ውሽጠ ሃገር ዘገልግል ወረቐት ምስክር ኮሮና እውን ነሕድሶ ስለዘለና፡ ኮቪድ-19 ዘሕለፈ ሰብ ን12 ኣዋርሕ ቀጠልያ ክኾነሉ እዩ። ዕላማና ነዚ መዓላ ዝኸውን ተክኒካዊ ፍታሕ ክሳብ 9 መስከረም ዘሎ እዋን ክንውድኦ እዩ።

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ብዝሃቡና ምኽርታት ኢና ሕጂ ነዞም ምቅይያራት ነተኣታትዎም ዘለና። ኮቪድ-19 ዘሕለፉ ሰባት ካብ ውሸባ መገሻ ዝግበረሎም ሕድገት ተመሳሳሊ ምቅይያራት ኣይክግበረሎምን እዩ። እቲ ምኽንያት ኤውሮጳዊ ሕብረት ንልዕሊ 180 መዓልታት ዘሕለፈ ብዩንነት ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዘገልግል ምስክር ወረቐት ኮርና ክወጽእ ስለዘየፍቅዱ እዩ።

ሕድገት ውሸባ መገሻ ከነናውሓሉ ዘኽእለና ፍታሕ ብዙሕ ተክኒካዊ ዓቕምታት እዩ ዝሓትት፡ ጎኒ ጎኑ ድማ ከምዚ ዓይነት ምቅይያራት እንተ ዝተኣታቶ ኔሩ ውሑዳት ሰባት ጥራሕ እዮም ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ። ኣብዚ ጉጅለ ዝርከቡ ዓበይቲ ክታበት ብምውሳድ ንሓዋሩ ካብ ውሸባ መገሻ ሕድገት ክግበረሎም ይኽእል እዩ፡ ቈልዑ ድማ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ PCR ክሳብ ዘርኣዩ ውሸባኦም ከሕጽሩዎ ይኽእሉ እዮም።

–ሕማም ዘሕለፉ ሰባት ብውሑስ ኣገባብ ከረጋግጹዎ ክኽእሉ ኣገዳሲ እዩ፡ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኤውሮፓዊ ሕብረት ብምጥቃም ብዝበለጸ ኣገባብ ክግበር ይከኣል። ኤውሮፓዊ ሕብረት እንተደኣ ንኮቪድ 19 ዘሕለፉ ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ ንውሓቱ ምቅይያራት ጌሮምሉ ድማ፡ መንግስቲ ሕግታት ውሸባ መገሻ ክቕየር ዝግብኦ ኰይኑ ምስ ዝረኸቦ ከም ብሓድሽ ክግምግሞ እዩ ይብል ሚንስተር ሀየይ።